# በሁሉም ደረጃ ያሉት እድገቶች መቆጣጠር(የአስተዳደር ፍጻሜዎች)

**ሓጺር መግለጺ**

ናይ መንግስቲ ድርጅት፣ ኩባኒያታትን አትራፊቲ ዘይኮኑ ድርጅታት ኩለን ክምዕብላን ክማሓየሻን ከምኡውን ጽሬት ዘለዎ አሰራርሓ ክህልወን እየን ዝጽዕራ። እቲ ካብኣተን ዝድልየ ናይ ዕብየት ውጽኢት ንምርካብ እቲ ዕብየተን ዝቆጻጸራሉ አሰራርሓ አለወን እዩ። እቲ አሰራርሓ ንቶም ብኽእለቶም ድኽመት ዘርአዩ እንተሃሊዩም እውን ቐልጢፍካ መሚኻ ብምፍላጥ እቲ ዘድልይ ሓገዝን ድጋፍን ክርኽቡ ምግባር ከምኡውን እቶም ዝበለጸ ብልጫ ዝረኸቡ እውን ኽተባብዑን ሞራሎም ክብ ክብል ይሕገዝ እዩ።ዕብየትካን ውጽኢትካን ትቆጻጸረሉ አሰራርሓ አብ ኩሉ ብርኪ ክህልው ምግባር ወሳናይ እዩ።

ናይ ስያትል ህዝባዊ ቤት ትምህርትታት ምምሕዳር እውን አብ ኩለን ቤት ትምህርትታት ጽቡቕ ምምሕዳር ክህልው ከምኡውን ተሓታትነተረ ዘለዎ አሰራርሓ ክህልው ንምግባር ብተወሳኺ እውን ናይ ምምሕዳር ስራህቲ መለክዒ ክህለው ንምግባር ጻዕሪ ይግበር አሎ።እቲ ናይ ክልል ምምሕዳር ቅድሚ ኹሉ ነዚ ቐዳምነት ብምሃብ አብ ዝመጽእ ሽዱሽተ ወርሒ ውሽጢ እዚ ዓይነት አሰራርሓ አብ ስራሕ ክውል ንምግባር ክግበር እዩ።

**ቐንዲ ዘድልዩ ነገራት**

አብዚ ዓመት ዝበለጸን ፍሉይ ጠመተ ዝግበረሎም ስራሕቲ አለዉና እዮም

**ዓላማኻ ግልጺ ምግባር –** ተምሃሮት ጽቡቕ ውጽኢት ከመይ ከምጽኡ ከምዝኽእሉን ናሕና ተሓታትነት እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል በግልጺ ክግለጽ አለዎ። ናይ ቕድሚት መጻኢ ዕላማና እንታይ ከምዝኾን በግልጺ ክግለጽ አለዎ።ናይ ቕድሚት ዕላማና አብ ኩለን ኽፍልታት ውሑዳት ተማሃሮት ዘለዎን ኽፍልታት ንምግባርን ጽቡቕ ናይ ምምሕዳር አሰራርሓ ክህልው ንምግባር እዩ።

**ማስታወቂያ ዝለጠፈሉ ሰሌዳ ክህልው ምግባር -** በብእዋኑ ነካይዶም ስራሕትን ዝተረኽቡ ውጽኢታትን አባልት ንክፈልጥዎ አብቲ ሰሌዳ ክልጠፍ ምግባር።ብከምዚ ዝበለ ዓይነት አሰራርሓ ናይ ቅድሚት ዕላማናን ዝርከቡ ውጽኢታትን ንልከዐሎም አሰራርሓ ክህልውና ይግባእ።እቶም አብ ሰሌዳ ሓበሬታ ምልጣፍ አብ ኽልተ ነገራት ዝጠመተ እዩ ክኾውን፣ ንሳተን እውን

- አብቲ ቐንዲ ቤት ጽሕፈት ዝግበር ሰሌዳ – ናይ እቲ ቐንዲ ቤት ጽሕፈት ስራህትን ፕላንን እንታይ ከምዝኾንን ከምኡውን አብ ናይ ቦርድ አኼባታት ዝነበሩ ምይይጣት እንታይ ክምዝነበሩን ዝርዝር ሓሳባት ንአባላት ግልጺ ንምግባር አብቲ ሰሌዳ ክልጠፍ ምግባር።እዚኡም አብ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ኽፍልታት ይምደቡ ንኣብነት (ናይ ሒሳብ ኽፍሊ፣ ናይ ቴክኖሎጂን ፐርሰናል ኽፍሊ)ከምኡውን ናይ አካዳሚክ ኽፍሊ ክጥቀሱ ይከአል
- ናይ ቐንዲ ስራሕ መካየዲ ሰሌዳ –እቶም ቐንዲ ስራሕ መካያዲ አብ ስራሕ ከውዕልዎም ዝሓሰቡ ነገራትን ብቐዳምነት እውን እንታይ ክገብሩ ከምዝሓሰቡን ዘለዎም ዕላማን ግልጺ ንምግባር ክልጠፉ ምግባር ብተወሳኺ እውን እቶም ዝተመዝገቡ ውጽኢታት አባላት ክፈልጥዎ ንምግባር አብቲ ሰሌዳ ክልጠፉ ምግባር።

**ናይ ቤት ትምህርትታት ዕብየት ዝልከዐሉ አሰራርሓ ክህልው ምግባር** – ናይ ሕድሕድ ቤት ትምህርትታት ናይ አካዳሚክ ውጽኢታት ዝልከዐሉ አሰራርሓ ክህለው ብምግባር እተን ድኽመት ዘርአያ ቤት ትምህርትታት እወን ፈሊኻ ብምፍላት እቲ ዘድልይ ሓገዝን ድጋፍ ክረክባ ምግባር። እዙይ ከምዙ ዝበለ አሰራርሓ አብ 2008 መወዳእታ ኽባቢ መጽናዕቲ ምስተገበረሉ አብ 09-10 ናይ ትምህርቲ ዘመን አብ ስራሕ ከምዝዕል ክግበር እዩ።

**ንሕብረተሰብ ዝቐርቡ ሕቶታት**

- ብዝበለጸ ክትፈልጥዎ ትደልይዎ ነገር እንተሃሊዩ?
- ግልጺ ዘይኮነልኩም ነገር እንተሃሊዩ?
- ዝጎደለ ነገር እንተሃሊዩ?
- ብዛዕባ አሰራርሓና ዘሎ ሓበሬታ ብኽመይ መንገዲ ክበጽሓኩም ትደልዩ?